ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ናይ 2017 ዓ.ም በዓል ኣሸንዳ/ዓይኒዋሪ/ማርያ/ዕሞረይ ትግራይ መራሒ ሓሳብ ንምኽባር ኣብ ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፆ ብኩነት ምድላውን (Even Organizing) ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎም ዝሓሸ ልምድን ዓቕምን ዘለዎምን ትካላት ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ጉንበት 26, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰነ 3, 2017 11:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: -18, 1745 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ኢቨንት ምዝግጃው/

ም ል ክ ታ

ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ናይ 2017 ዓ.ም በዓል ኣሸንዳ/ዓይኒዋሪ/ማርያ/ዕሞረይ ትግራይ መራሒ ሓሳብ ንምኽባር ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ። በዚ መሰረት : እቲ በዓል ብክልል ብርኪ ክብረ በዓል ኣሸንዳ ዓይኒ-ዋሪ/ማርያ/ፅሞረይ: ሰረት ሰላም፣ ሓድነትን ተስፋን ትግራይ" ብዝብል ንምኽባር ዘድልዩ ወፃኢታት ንምትእልላሽን ኣብዚ ዓውዲ ዝነጥፆ ብኩነት ምድላውን (Even Organizing) ሕጋዊ ፍቓድ ዘለዎም ዝሓሸ ልምድን ዓቕምን ዘለዎምን ትካላት ኣወዳዲሩ ከስርሕ ስለዝደለየ ኣብዚ ክትሳተፉ እትደልዩ ትካላት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ረቓሒታት ውጥን ሓሳብኩም (ፕሮፖዛልኩም) ካብ 25/09/2017-02/10/2017 ዓ/ም ብምቕራብ ክትወዳደሩ ይዕድም።

✓ ኣብ ኩነት ምድላው (Event Organizer) ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ፣ ቫት ተመዝጋቢ ዝኾነ፣ ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ከቕርብ ዝኽእልን፣

✓ ዓበይቲ ዓለም-ለኻዊ፣ ሃገራውን፣ ክልላውን ፋይዳ ዘለዎም ኩነትን (Events) ናይ ምድላው ልምዲ ዘለዎን ናይዚ መስክር ወረቐት ዘቕርብን

✓ ትርጉምን ክብደትን እቲ በዓል ብዝግባእ ኣፍልጦ ከምዘዎ ዘረድእ ውጥን ሓሳብ (ፕሮፖዛል) ከቕርብ ዝኽእል

✓ መበቆላዊ ትሕዝቶ እቲ ክብረ በዓል ብዝሓለወ መንገዲ ክኽበርን ብሓደሽቲ ፈጠራታትን ናይ ቴክኖሎጂ ሓገዝን ብምብርካት ብርኪ እቲ ፍፃመ ናብ ዝሓሸ ብራኽ ክብ ንምባል ርኡይ ግደ ክፃወት ዝኽእል

እቲ በዓል ካብ ቕድመ-ምድላው ጀሚሩ ክሳብ ፍፃመ ብዝተሳኸዐ መንገዲ ንክሳለጥ ምሉእ ሞያዊ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሰርሕን ፋይናንሳዊ ውሕስና ከቕርብ ዝኽእልን

✓ ናይ ትካሉ ሓፈሻዊ መረዳእታን ናይ ሰራሕተኛታት ብቕዓትን (company profile and staff competency) መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል

✓ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ዘቕመጦም ኣንፈታትን መምርሕታትን ኣክቢሩ ዝሰርሕን ተወሰኽቲ ዓቕምታት ከምፅእ ዝኽእልን ፍሉያት ብልጫታት ዘለውዎን

✓ ኣግባብ ኣከባብራ እቲ በዓል፣ ኣወፋፍራን ኣጠቓቕማን ሃፍቲ፣ እቶት ኣተኣኻክባ ሜላ፣ ከምኡ ድማ መጠን ብፅሒቱን ኣብቲ ዝቕርብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ውጥን ሓሳብ (ፕሮፖዛል) ፕሮፖዛል ብግልፂ ዘቕርብ፡

✓ ሰዓራይ ትካል ኣብ ውሽጢ 3' መዓልቲ ውዕሊ ብምእሳር ብውዕሉ መሰረት ክሰርሕ ዝኽእልን በብሰሙኑ ክንንውኑ ብፅሑፍን ብቓልን መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል።

✓ ቢሮና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ምልክታ ብምሉእ ወይ ድማ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

✓ ብናይ ተባዕታይ ፆታ ዝተጠቕሱ ንኣነስታይ ፆታ እውን የካትት እዩ።

✓ እዞም ዝተጠቕሱ ረቐሕታት ዘማልኡ ተወዳደርቲ ውጥን ሓሳቦም (ፕሮጀክት ፕሮፖዛል) ዓሺጎም ክሳብ ዕለት 02/10/2017 ዓ.ም ሰዓት 11:30 ድሕሪ ቐትሪ ናብ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ቀዳማይ ደብሪ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ኣታዊ ክትገብሩ ንሕብር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle